# ቅልውላው ሶማልያ ታሪኻዊ ዕምቈቱ፡
# ፖለቲካዊ ምዕባለኡን መጻኢ ኣንፈቱን

## ሓሙሻይ ክፋል

## ምዕራፍ ኣርባዕተ



## ፖሊሲ ኤርትራ ኣብ ሶማልያ

ፖሊሲ ኤርትራ ኣብ ሶማልያ፡ ካብ'ቲ ኣብ ዞባናን ዓለምን ሰላም፡ ርግኣትን ብልጽግናን ንምስፋን፡ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ካልኦት ኢድካ ዘይምእታውን ዚብል ሓፈሻዊ መትከላት ናይ ወጻኢ ፖሊሲኣ ተፈልዩ ዚረአ ኣይኮነን። በቲ ኻልእ መዳይ ድማ ኤርትራ፡ በዚ ፖሊሲ'ዚ ሃገራዊ ረብሓታታ ማለት ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ጸጥታዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ጥቕምታታ ንምዕዋት ትሰርሕ። ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ረብሓታት ህዝብታት ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃን ዓለምን ይመላላእ እምበር ስለ ዘይገራጮ፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ሓርነት 24 ግንቦት 1991 ጀሚሩ፡ ኣብ ጕረባብቲ ሃገራት ዝተወልዐ ውሽጣዊ ግርጭታትን ጸገማትን ንምፍታሕ ዘይተቘጠበ ጻዕሪ ምክያዱ'ምበኣር ዘገርም ኣይነበረን።

### ዞባዊ ተበግሶታት ኤርትራ

ኣብ ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቐይሕ ባሕርን ሰላምን ርግኣትን ንምስፋን፦

1-ኤርትራ ነቲ ኣብ ሶማልያ ዝተኸሰተ ውግእ ሓድሕድ ቅድሚ ምስፍሕፋሑ ንምግታኡ ብ1991 ዝለዓለ ልኡኽ ናብ ሶማልያ ሰደደት።

2-ብ1992 እውን ኢትዮጵያ ኣብ ታኼላ ኵናት ሓድሕድ ምእንቲ ከይትሽመም፡ ኤርትራ ኣብ መንጎ መንግስትን ተቓወምትን ኣኼባታት ኣአንገደት።




3-ሰበ ስልጣን ኤርትራ ካብ 1992 ክሳዕ 1993 ንመንግስቲ ጂቡትን ዕጡቓት ተቓወምቱ “ፍሩድን”፡ ብሓባር ኮፍ ኢሎም ከም ዘዛተዩ ንምግባርን ስነ-መጕት ሓይሊ ውጽኢት ከም ዘይብሉ ንምዕጋቦምን፡ ሓያል ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪ ኣካይዶም።

4-ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቅን ካልኦት ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኤርትራን፡ ነቲ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት የመን ነበር ጀነራል ዓሊ ዓብደላ ሳልሕን ምክትሉ ዝነበረ ዓሊ ሳልም ኣልቤድን ዝተኸስተ ፍልልያት ንምፍታሕን ኲናት ሓድሕድ ንኸይመጽእ ንምዕጋቱን፡ ብ1994 ኣብ መንጎ ዓደንን ሰንዓን ተደጋጋሚ ዑደታት ኣካይዶም። ኣብ መንጎ ክልተ የመን ኲናት ሓድሕድ ምስ ተወልዐ'ውን ንብረት ህዝቢ የመን ኣብ ኲናት ምእንቲ ከይዓኑ፡ ኤርትራ ሲቪል ነፈርቲ የመን ተቐቢላ ኣዕቂባቶ። (59)

5-ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነታ ኣትሒዛ ንሽግር ሱዳን ነባርን ፍትሓውን ፖለቲካዊ ፍታሕ ንምርካብ ዘይተቘጠበ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ጻዕሪ ኣካየደት። ነዚ ቕዱስ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት ድማ ተንቀሳቒሰት። ብ26 መስከረም 2006 ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ሱዳን ነበር፡ ጀነራል ዑመር ሓሰን ኣልበሽርን መራሒ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ምትእኽኻብ ሱዳን መሓመድ ዑስማን ኣልሙርቓኒን ዝተኻየደ ቐዳማይ ኣኼባ ኣአንገደት። ብኣላይነት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ድማ ተኻየደ። ተራ ኤርትራ ኣብ ዘተ ሰላም ማሻኮስ 2002፡ ስምምዕ ኣቡጃ 2006፡ ኣዶውሓ 2010 ከመይ ከም ዝነበረ ድማ ኹሎም ሱዳናውያን -

ሰሜናውያን ይኹኑ ደቡባውያን ከምኡ ድማ ዳርፎራውያን ኣዐርዮም ይፈልጥዎ'ዮም። ኣብ ርእሲ'ዚ እቲ ብ14 ጥቅምቲ 2006 ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ ስምምዕ ሰላም ምብራቕ ሱዳን፡ ብኣላይነት መንግስቲ ኤርትራ'ዩ ነይሩ።

ድሕሪ ምቛም መንግስቲ ደቡብ ሱዳን'ውን፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኻርቱምን ጁባን ዝተኸስተ ፍልልያት ንሓባራዊ ረብሓ ኽልቲኣን ሃገራት ብዘገልግል፡ ብሃናጺ ዘተ ንምፍታሕ ጽዑቕ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪ ከተካይድ ጸኒሓ።

## ፍሉይነት ዝምድና ኤርትራን ሶማልያን

ፖለቲካውን ህዝባውን ምሕዝነታውን ዝምድና ኤርትራን ሶማልያን ንኤርትራውያንን ሶማላውያንን ዜጋታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኹሉ ኣብ ርሑቕን ቀረባን ዘሎ ሰብ ኣዝዩ ፍሉጥ ስለ ዝኾነ፡ መብርሂ ወይ መግለጺ ዘድልዮ ኣይኮነን። ዓንድታት ህንጻኡ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ታሪኽም ዝተሃንጸ፡ ኣብ ኩሉ ጽቡቕን ሕማቕን መድረኻት፡ ብናይ ሕውነትን ምርድዳእን ምትሕግጋዝን መንፈስ ዝልለ ዝምድና'ዩ። ህዝብን መንግስትን ሶማልያ ኣብ ጎኒ ፍትሓዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከም ሓደ ሰብ ኮይኑ ደው ብምባል፡ ንፍትሓዊ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣህጉራውን ዲፕሎማስያውን መድረኻት ዝተጣበቐን፡ ንሰላሳ ዓመታት -1961-1991 - ካብ መትካላዊ መርገጺኡ ነቕ ከይበለ ንሰውራ ኤርትራ ኹሉ ዓይነታት ሓገዝ -ወተሃደራዊ እውን ዘጠቓልል ዘበርከተ ከም ምዃኑ መጠን፡ ሃገረ ኤርትራ ንጽቡቕ ተግባር ሶማልያ ብጽቡቕ ክትምልሰሉ እንተ ኽኢላ'ውን ልዕሊ ጽቡቕ ክትገብሮ ኣዝዩ ባህርያዊ'ዩ። እቲ ዘሕዝን ግን ስርዓት ፕረዚደንት መሓመድ ስያድ ባረ ብ26 ጥሪ 1991 ምስ ወደቐ፡ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝነበራ ነንሓድሕደን ዚጻብኣ ውድባት ሶማልያ፡ ኣብ ሓደ ሃገራዊ ፕሮግራም ተሰማሚዐን ኪጥርነፋ ስለ ዘይከኣላ፡ ሃገረ ሶማልያ'ውን ምስኡ'ያ ፈሪሳ። ሰውራ ኤርትራ ድሕር'ቲ ሶማልያ ኣብ ዘይውጻእ ጸልማት ዝወደቐትሉ -ድሕሪ ኣርባዕተ ወርሒ- ብ24 ግንቦት 1991 ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናጽነቱ ብሓይሊ መንዚዑ።

ህዝቢ፡ መንግስትን ግንባርን ኤርትራ ከም ሓደ ሰብ ኮይኖም፡ ኣብ ጎኒ ሶማልያ ደው ኢሎም። መርገጺ ኤርትራ ከም'ዚ ኣብ መርገጺ ብዙሓት ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ሃገራት እንርእዮ ዘለና ካብ ውልቃዊ ረብሓ ዚብገስ ዘይኮነ፡ ንረብሓ ሓው ህዝቢ ሶማልያ ቐዳምነት ዝሰርዐ'ዩ። እዚ ድማ ብውድዓውን ስትራተጂያውን ዓይኒ እንተ ተጠሚቱ፡ ምስ ረብሓ ህዝብታት ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃ ከቶ ዚገራጮ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ዘመነ ዓውለማ ድማ ምስ ጐረባብትኻ ብዘይካ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ካልእ ኣማራጺ የልቦን። ሽግር ሶማልያ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ወገናት ብፍላይ ከኣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን መንግስቲ ኢትዮጵያን፡ በቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ምኽንያታት፡ ኣብ ሓዊ ነዳዲ እናወሰኹ ንሽግር ሶማልያ ከጋድድዎ ስለ ዝጸንሑ፡ ብትኣምራታዊ መገዲ ሓፈሻውን ኣጠቓላልን ፍታሕ ኪርከቦ ዚከኣል ኣይመስልን። ካብዚ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ሓቂ ብምብጋስ እምበኣር ሽግር ሶማልያ ንምፍታሕ ጥዑይን ቅኑዕን መእተዊ ኪኸውን ዚኽእል እዚ ዚስዕብ ውድዓዊ ቅድመ ኹነት ምስ ዚማላእ እዩ።

1-ናይ ደገ ወገናት፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ኮነ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማልያ ኢዶም ከእትዉ ኣይግባእን።

2-ሶማላውያን ጸገማቶም ባዕሎም ምእንቲ ኪፈትሑ፡ ፈተውትን ኣዕሩኽን ሃገራት፡ ምቹእ ሃዋህው ኪፈጥራሎም ይግባእ። ነዚ ዓብን ተኣፋፍን ዕማምዚ ኪፍጽሙ ብቕዓት ዘሎዎም ሶማላውያን ጥራይ'ዮም።

3-መራሕቲ ሶማልያ ብደረጃ'ቲ ንሶማልያ ንልዕሊ ዕስራ ዓመታት ኣጋጢምዋ ዘሎ ብድሆ፡ ሓላፍነት ኪስምዖም ይግባእ። ነቲ ብዋሽንተንን ኣዲስ ኣበባን ኣንጻር መሬትን ህዝብን ሶማልያ ኪካየድ ዝጸንሐ ሓደገኛ ውዲታት ከስተብህልሉን ኪምክትዎን የድሊ። ኩሎም ኣብ ሓንቲ መርከብ ስለ ዘሎዉን ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ መጻኢኦም ሓደጋ ኣንጻላልይዎ ስለ ዘሎን፡ ካልኣዊ ፍልልያቶም ንጎኒ ገዲፎም፡ ናይ ምርድዳእን ይቕረ ምብህሃልን መንፈስ ከማዕብሉን ሓላፍነት ኪስምዖምን ይግባእ። ሶማልያን ሶማላውያንን ሓደ ኪኾኑ የድሊ፡ እንተ ዘይኮይኑ ሶማልያ እትበሃል ሃገር ኣይክትህሉን'ያ። ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ሓደገኛን በዳህን ፈተነ ድማ እዚ'ዩ።

4-መጻኢ መሰረት ሶማልያ ንምንጻፍ፡ ንኹሎም ሲቪላውያን ባእታት ሶማልያ ዓበይቲ ዓዲ፡ መራሕቲ እንዳታት፡ ቀቢላታት፡ ማሕበራት፡ ውድባትን ምሁራት ኣካላትን ወዘተ. . . ምስታፍ የድሊ።

5-ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ወይ ምጉት ሓደ'ኳ ኪጉሰ ኣይግባእን፡

6-ንስልጣንን ጸጋታትን ብፍትሒ ዘመቓርሕ መሰረትን ሕግታትን ኪዳሎ ይግባእ።

## መርገጺ ኤርትራ ኣብ ሽግር ሶማልያ

ብታሪኽ፡ ሽግር ሶማልያ ንምፍታሕ ቀዳማይ ተበግሶ ዝወሰደት ኤርትራ እያ። ሓርነታ ምስ ተጐናጸፈት፡ ብ1991 ብቐጥታ ንጸሓፊ ዝምድናታት ወጻኢ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝነበረ፡ ስዉእ መሓመድ ስዒድ ባረህ ብምምዛዝ፡ መሓመድ ስዒድ ባረህ ምስ ኩሎም መራሕቲ ውድባት ሶማልያ፡ ኣብ መቓድሾን ካልኦት ከተማታት ደቡብን ሰሜንን ተኸታታሊ ርክባት ኣካይዱ። ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንመራሕቲ ተጻባእቲ ውድባት ሶማልያ ንምቅርራብን ኣብ ሓደ ናይ ዘተ ጠረጴዛ ብሓባር ኮፍ ንምባሎምን ተደጋጋሚ ዑደታት ፈጺሙ። ብሳላ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪ ኤርትራ ድማ ኽልቲኦም ተጻባእቲ ወገናት -ነፍስሄር ጀነራል መሓመድ ፋራሕ ዓይዲድን ዓሊ ማህዲ መሓመድን- ኣብ ኣስመራ ኪራኸቡ ክኢሎም። እንተኾነ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪ ኤርትራ ኪዕወት ኣብ ዝቐረበሉን ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ኤርትራ ናብ ሶማልያ ብዛዕባ ዚለኣኸሉን ኣገባብ ኣብ ዚዝረበሉን ዝነበረ ህሞት፡ ገለ ካብ ሕማቕ ሓሳባት ገለ ድማ ካብ ንጹህ ሕልና ዝተበገሰ ዞባውን ክፍለ ዓለማውን ተበግሶታት ውሒዙ። እቲ ተበግሶታት ካብ ውድብ ኢጋድ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ፡ ውድብ ኣስላማዊ ጉባኤ፡ ውድብ ሻራ ዘይብለን ሃገራት፡ ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ኤውሮጳን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዝነቐለ ኾይኑ፡ ነቲ ብዓወት ኪዛዘም ቀሪቡ ዝነበረ ተበግሶ ኤርትራ ኣበርዒንዎ።

እንተኾነ እዚ ውዲታት'ዚ፡ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ንሽግር ሶማልያ ኣጠቓላልን ነባርን ፍታሕ ንምምጻእ ዘካይዶ ዝነበረ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪ ካብ ምቕጻል ኣይዓገቶን። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ማዕከናት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ንሽግር ሶማልያ ኣብ ክንዲ ህዝቢ ሶማልያ ኾይኑ ኪፈትሖ ዚኽእል ሓደ'ኳ ከም ዘየሎ ብምምልካት፡ ሽግሮም ኪፈትሑ ዚኽእሉ ሶማላውያን ጥራይ ምዃኖም ኣብሪሁ። ተራ ፈተውትን ኣዕሩኽን ሶማላውያን ጉዳዮም ንምፍታሕ ምእንቲ ኪኽእሉ ምቹእ ሃዋህው ምፍጣር ምዃኑ ሓቢሩ። [60]

## ግብራዊ ስጉምታት ኤርትራ

ገለ ሃገራት ብዛዕባ ፍጻመታት ሶማልያ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት መርገጺኦን ኣፍሊጠን ጥራይ ኪሓልፍኦ እንከለዋ፡ ኤርትራ ግን ብዛዕባ ፍጻመታት ሶማልያ መርገጺኣ ኣብ ምንጻር ከይተወሰነት፡ ግብራዊ ስጉምታት ኣብ ምውሳድ'ውን ተበግሶ ኣርእያ እያ። ንኣብነት፦

**ቀዳማይ**፡ - ብ1991 ንጸሓፊ ዝምድናታት ወጻኢ ብምምዛዝ፡ ኣብ ባይታ ዝነበረ ውዱዕ ኩነታት ሶማልያ ተዓዘበት። ኣብ መንጎ መራሕቲ'ተን ተጻረርቲ ውድባት ዝነበሩ፡ ጀነራል መሓመድ ፈራሕ ዓይዲድን ዓሊ ማህዲ መሓመድን ዝተኻየደ ርክባት ኣዳለወት።

**ካልኣይ**፡- ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ18 ሕዳር 1993፡ ናብ ኣቦ መንበር ባይቶ ጸጥታ ዝነበረ፡ ሆዘ ሉዊ ጂሰስ እዚ ዚስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ መልእኽቲ ሰዲዱ።

1-"ኣብ ሶማልያ ኣህጉራዊ ምትእትታው ኪህሉ ብቐዳምነት ዝጸውዐት ኤርትራ እያ። በቲ ምቕሉል ዓቕማ'ውን ንኣህጉራዊ ምትእትታው ንምዕዋት ሰሪሓ።"

2-"ኣህጉራዊ ምትእትታው ብወገን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ደገፍ ረኺቡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ህዝቢ ሶማልያ'ውን ብሓጉስ'ዩ ተቐቢልዎ።"

3-"እቲ ዘሕዝን ግን፡ እቲ ኣህጉራዊ ምትእትታው ቀልጢፉ መገዱ ስለ ዝሰሓተ፡ ኣህጉራዊ ሓይሊ ጌጋ ኣብ ርእሲ ጌጋ ኪፍጽም ተራእዩ። ንባዕሉ ከኣ ኣካል ሽግር ሶማልያ ኮይኑ።"

4-"በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት እምበኣር ናይ ወጻኢ ፖለቲካዊ ምትእትታው ንሶማላውያን ጸገማቶም ባዕሎም ንኺፈትሑ ምቹእ ውድዓዊ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ዚሕግዞም ጥራይ ኪኸውን ይግባእ።"

**ሳልሳይ፦ካልኣይ**፡ ብ30 ታሕሳስ 1997 ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ነዚ ዚስዕብ መግለጺ ኣውጺኡ፦

1. ፈደራዊት ረፓብሊክ ኢትዮጵያ ብኢጋድን ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ተመዚዛ፡ ኣብ ሕዳር 1996 ኣብ ሶዶሬ ኣኼባ ብምክያድ፡ ንሓያሎይ ፖለቲካውያን ጉጅለታት ሶማልያ ንምውህሃድ ተበግሶ ወሰደት። መንግስቲ ኤርትራ፡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ውድባት ሶማልያ ንምትዕራቕ ንዝተኻየደ ጻዕሪ ከም ዚግንዘቦ ገሊጹ። እንተኾነ ኢትዮጵያ ዘካየደቶ ጻዕርን ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ጉጅለታት ሶማልያ ዚግበር መስርሕ ሰላምን ምእንቲ ኪዕወት፡ ኣብ ኣኼባ ኢጋድ ኮነ ብመገዲ ካልእ ኣገባባት ዕቃበታቱ ኣፍሊጡ። ከም ዚፍለጥ ብሑሴን ዓይዲድ

እትምራሕ ዝነበረት ውድብ ሃገራዊ ኺዳን ሶማልያ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ'ቲ ኮንፈረንስ ከም እትሳተፍ ኣይተገብረን።

2. ምስሪ ብ22 ታሕሳስ 1997 ንዝተፈላለያ ጉጅለታት ሶማልያ ንምትዕራቕ ተበግሶ ወሰደት። እንተኾነ ኣባላት ባይቶ ሃገራዊ ድሕነት ዝተባህለ ልፍንቲ ዝኾና፡ ብጀነራል ላደን ዓብደልኑር (ጋብዮ) እትምራሕ ውድብ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ሶማልያን፡ ብኮሎኔል ዓብዱላሂ ዩሱፍ እትእለ ደሞክራስያዊ ግንባር ድሕነት ሶማልያን፡ ኣብቲ ኣኼባ ኪሳተፉ ኣይደለያን። ስለ'ዚ ድማ ኣኼባ ካይሮ'ውን ነቲ ኣብ ኮንፈረንስ ሶዶሬ ዝተራእየ ጉድለታት ኪእርም ኣይከኣልን።

ራብዓይ፦ ኤርትራ ኣብ 1998 ንሽግር ሶማልያ ንምፍታሕ እዚ ዚስዕብ መሰረታዊ ነጥብታት ዝነበሮ ወረቐት ኣቕረበት።

1-ወገናት ወጻኢ ንሽግር ሶማልያ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ፡ መሊሶም ይሓላልኽዎ ስለ ዘለዉ፡ ካብ ሽግር ሶማልያ ኢዶም ኪስሕቡ ይግባእ።

2-ብዛዕባ ረብሓ ሶማልያ ዚግደሱ ፈተውትን ኣዕሩኽን ሃገራት ድማ፡ መሪሕነት ሶማልያ እንኮ ጉዳዩ ናይ ምፍታሕ ብቕዓት ዘሎዎ ስለ ዝኾነ፡ ዚመያየጠሉ ውድዓዊ ኹነታት ኣብ ምፍጣር ጥራይ ኪሕግዙ የድሊ።

3-ኣብ መንጎ መራሕቲ ውድባት ሶማልያ ናይ ምትእምማን ባይታ ምፍጣር የድሊ።

4-ዝኾነ ሶማላዊ ውድብ ኪጕሰ ኣይግባእን።

5-ኣብ ናይ ሓባር ዕግበትን ዕላማን ንምብጻሕ ድማ፡ ንኹሉ ርእይቶታትን ሓሳባትን ብግልጽን ብብሩህን ኣብ ጠረጴዛ ዘተ ምቕራብ ይግባእ።

6-ቅድሚ ኣብ ትግባረ ምእታው፡ ነቲ ዝቐረበ ርእይቶታትን ሓሳባትን እተጻፍፍን እትእርምን ካብ ኩለን ውድባት ሶማልያ ሓንቲ ኮሚቲ ምቛም፡

7-ኩሎም ወገናት ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕን ነቲ ዚዕንቅፍ ንምእላይን መስርሕ ሃገራዊ ዕርቅን ሓድነትን ሶማልያ ንምድልዳልን፡ ኣብ'ቲ ናይ ሓባር ነጥብታትን ረቛሒታትን ምትኳር፡

8-ንኹሎም ሶማላውያን ዚውክል ኣካል ምቛም፡ ንመንፈስን ቅርጽን ናይ መጻኢ ፖለቲካዊ ስርዓት ሶማልያ ዘንጸባርቕ መሰረት ምግባር፡ ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ፡ ኣብ ጉዳይ ምምቕራሕ ስልጣን ድሕሪ ምስምማዕ፡ ተራ ናይ ኩሎም ወገናት ሶማልያ ምንጻር የድሊ።

9-ናብ ሓባራዊ ራእይን ንጹር ሸቶን ንምብጻሕ፡ ንኹሉ ሓሳባትን ኣረኣኣያታትን ኣብ መኣዲ ዘተ ምቕራብ።

10. ፕራግማታዊ ውጥን ንምንዳፍ፡ ንእማመታት ኣጽኒዐን ዚመምያ፡ ካብ ኩለን ውድባት ሶማልያ ዝተዋጽኣ ኮሚቲታት ምቛም።

11-ንመስርሕ ዕርቅን ሃገራዊ ሓድነትን ዚዓናቕፍ ጉድለታት ብምውጋድ፣ ናብ ሓባራዊ ስምምዕ ንምብጻሕ ንርእይቶታት ምንጻርን፣ ኣብ ብዅለን ውድባት ተቐባልነት ዘሎዎ ረቛሒታትን ነጥብታትን ምትኳርን።

12- ብዛዕባ ኹነታት መሰጋገሪ መድረኽን ምምቕራሕ ስልጣንን ኣብ ስምምዕ ምስ ተበጽሐ፣ መጻኢ ፖለቲካዊ መዋቕር ሶማልያ ዘነጽር፣ ተራ ነፍስ ወከፍ ውድብ ዚውስንን ንኹሎም ሶማላውያን ዚውክልን ኣካል ምምስራት።[ [60]

**ሓሙሻይ፦** ኤርትራ ኣብ'ቲ ኣብ ጥቅምቲ 2000 ኣብ ጂቡቲ፡ ኣብ ዓርታ ዝተቓንዐ ጉባአ ስምምዕ ሶማልያ ተሳቲፋ ነይራ'ያ። ነቲ ሶማላውያን ዝተሰማምዕሉ መሰጋገሪ መንግስቲ መሪሕነት ዓብደልቃስም ሳላድ ሓሰን'ውን ደጊፋቶ። እዚ ዚስዕብ ቀዳማይ ዕማም ድማ ነይርዎ።

1-ኣብ'ቲ ንሰለስተ ዓመታት ዚጸንሕ መሰጋገሪ መድረኽ፡ ትካላት መንግስቲ ምቛም፡

2-ብኹናት ሓድሕድ ዝዓነወ ልዕለ ቕርጺ፡ ትሕተ ቕርጽን ቍጠባን ዳግም ምህናጽ፡

3-ንሶማላዊ ዜጋ ሰላም፡ ርግኣት፡ ጸጥታን መግብን ምውሓስ፡

4-ድሕሪ መሰጋገሪ መድረኽ ኣብ ሶማልያ ፌደራዊ ስርዓት ምትካል፡ [61]

**ሻዱሻይ፦** ኣብ'ቲ ብጻዕሪ ውድብ ኢጋድ ብ2004 ኣብ ኬንያ -ናይሮቢ- ዝተመስረተ መሰጋገሪ ፌደራዊ መንግስቲ ሶማልያ፡ ኤርትራ ኣበርክቶ እኳ እንተ ነበራ፡ ዕቃበታት እውን ነይርዋ። እቲ ምኽንያት ኣብ ሶማልያ ኣብ ባይታ ዝነበረ ሕልኽልኻት ኣብ ግምት ዘየእተወ ናይ ወጻኢ ጽልዋ ስለ ዝነበሮ'ዩ። እቲ ኹነት ድማ፡ እቲ ቖይሙ ዝተባህለ መንግስቲ ካብ ናይሮቢ ናብ ባይዶዋ፡ ኢትዮጵያ ብ2006 ንሶማልያ ምስ ወረረት ድማ ናብ ሞቓዲሾ ምስ ገዓዘ ተጋሂዱ።

**ሻብዓይ፦ ኣስላማዊ መጋበኣያታት**

ኣስላማዊ መጋበኣያታት ምስ ተቐልቀለን ኣብ ሰነ 2006 ንመቓድሾ ምስ ተቘጻጸረን፡ ኣስላማዊ ስለ ዝኾነ ጥራይ ኪጕሰ ወይ ኪህረም ከም ዘይግባእ ኤርትራ ኣተሓሳሲባ ነይራ'ያ። ምኽንያቱ እቲ ጕዳይ ንሶማላውያን ዚምልከት እምበር ንኣመሪካን ኢትዮጵያን ወይ ንኻልእ ሃገር ስለ ዘይምልከት። ኣስላማዊ መጋበኣያታት ኣብ ሓጺር እዋን፡ ኣብ'ታ ብኣበጋዛት ተሓሚሳን ተሃዊኻን ዝነበረት መቓድሾ ጸጥታን ርግኣትን ከረጋግጽ ከም ዝኸኣለ ከኣ ሓበረት። ኣንጻር'ዚ ኤርትራ ዝተኸተለቶ መርገጺ፡ ብገለ ምዕራባውያን ሃገራትን ንኣስላማዊ መጋበኣያታት "ጥሩፍ ኣስላማዊ ሃይማኖታዊ ምንቅስቓስ" ብምባል ዚገልጻአ ዝነበራ ካልኦትን፡ ናይ ኣንጻርነት ዜናውን ፖለቲካውን ዘመተ ተኻይዱ። ካብ መራሕቱ ንገለ ባእታታት ግብረ ሽበራውያን ይብላኦም ነይረን።

## ሻሙናይ፦ ወራር ኢትዮጵያ ናብ ሶማልያ

ኤርትራ ነቲ ብታሕሳስ 2006 ዝተፈጸመ ወራር ኢትዮጵያ ናብ ሶማልያ ብጽኑዕ ኰነነቶ። ኲሎም ሶማላውያን፡ ካልኣዊ ግርጭታቶም ኣወንዚፎም፡ ነቲ ብወጻእተኛታት ሓይልታት ብቐዳምነት ድማ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ መጻኢ ሶማልያን ሓድነታን ዚፍጸም ውዲታት ዕድል ኪኸልእዎ ጸወዐት። ከምኡ'ውን ነቲ ኣመሪካ ብምምካት ግብረ ሽበራ ኣመኽንያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማልያ ዝፈጸመቶ ምትእትታው ኰነነት።

ኤርትራ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ናብ ሶማልያ ኣፍሪቃዊ ይኹን ኣህጉራዊ ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ምልኣኽ፡ ንዚበሃል ሓሳብ ብትሪ ነጸገቶ። ኤርትራ ተቐርቦ ዘነበረት ምጉት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣበጋዛት ዕንወትን ጸይቅን እናፈጸሙ እንከሎዉ ዘይተላእከ ዓቃብ ሰላም፡ ኲነታት ኣብ ዝተመሓየሸሉ እዋን፡ ናብ ሶማልያ ሰራዊት ንምልኣኽ ምቅድዳም ቅቡል ኣይኮነን ዚብል'ዩ ነይሩ። ብተወሳኺ ኣብ ዓለም ኣህጉራዊ ሓይሊ ዚፈትሖ ሽግር የልቦን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኣንጻሩ ንሽግር ዘጋድድን ዘናውሕን ብምዃኑ እዩ። ኤርትራ ንናጽነት፡ ርግኣትን ሓድነትን መሬትን ህዝብን ሶማልያ ዘሎዋ ደገፍ ደጊማ ኣረጋገጸት። ዞባዊ ውድብ ኢጋድ ንወራርን ዕንደራን ኢትዮጵያ ኣብ ሶማልያ ብምድጋፉ ድማ፡ ካብኣ ኣባልነታ ኣደስከለት። [62]

## ታሽዓይ፦ጉባአ ኣስመራ 2007

ገለ ውድባት ሶማልያ፡ ኣባላት ባይቶ፡ ምሁራትን ሲቪላውያን ውልቀ ሰባትን ዝተሳተፍዎ ጉባአ ኣስመራ፡ ብ6 መስከረም 2007 ኪካየድ ምስ ጀመረ፡ መሪሕነት ኤርትራ፡ እቲ ጉባአ ንረብሓ ሓደ ወገን ኣንጻር ካልእ ዝቐንዐ ዘይኮነ፡ ኣጠቓላሊ ዕርቂ ሶማላውያን ንምርግጋጽ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ምዃኑ ሓበረት። ሼክ ሸሪፍ ሼኽ ኣሕመድ ኣብ መደምደምታ'ቲ ብ14 መስከረም 2007 "ኪዳን ሓርነትን ዳግመ ምህናጽን ሶማልያ" ዝተሰምየ ውድብ ዝመስረተ ጉባአ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ንሃገራውያን ሓይልታት ሶማልያ ብዛዕባ ሓርነትን ህንጸትን ሶማልያ ንኺመያየጣ ታሪኻዊ ዕድል ምፍጣሩ ኣመጉሱ። ሻባይት -ኤለክትሮናዊ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ዜና - ብ14 መስከረም 2007 ብዛዕባ'ቲ ጉባአ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ጸሓፊ ህግደፍ፡ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፡ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ሶማላውያን ምቹእ ኲነታት እንተ ደኣ ተፈጢሩሎም ሽግራቶም ባዕሎም ኪፈትሑ ብቕዓት ከም ዘሎዎም ዘነጸረ ጉባአ ምንባሩ ኣረዲኡ። [63]

ሶማላውያን ኣብ ጉባአ ኣስመራ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ብርክት ዝበለ ውሳነታት ኣሕሊፎም። ሃገሮም ግዳይ ናይ'ቲ ብኣመሪካ ዝተሓገዘ ወራር ኢትዮጵያ ከም ዝኾነት ድማ ኣረጋጊጾም። ኢትዮጵያ ኣብ መቓድሾ ገበን ኲናት ከም ዝፈጸመት ብምኽሳስ፡ ሓይልታት ኡጋንዳ ካብ ሶማልያ ኪወጹ ሓቲቶም። ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ማሕበር ሃገራት ኣዕራብን ንወራር ኢትዮጵያ ኪኹንኑ ብምዝኽኻር፡ ባይቶ ጸጥታ ብመሰረት ዓንቀጽ 7 ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ እገዳ ኪውስን ጸዊዖም። ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ሶማልያ ዚኽተሎ ፖሊሲ ኪቕይር ብምሕታት፡ "ምምካት ግብረ ሽበራ" ዚበሃል ጉዳይ ናጻ፡ ስምርትን ብልጽግናን ምስ ጐረባብታ ብስኒት እትነብርን ሶማልያ ንኽይትህሉን ኣብ ልዕሊኣ ቀሉዕ ወራር ንምፍጻምን ጉልባብ ይኸውን ከም ዘሎ ሓቢሮም።

ዓስራይ፦ጉባአ ጂቡቲ 2008

ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ወገናት፡ ንገለ ዚደልይወን ውድባት ሶማልያ ብምጥርናፍን ንኻልኦት ብምጒሳይን፡ ካብ 31 ግንቦት ክሳዕ 9 ሰነ 2008 ኣብ ጂቡቲ ጉባአ ኣካይዶም። ንወራር ኢትዮጵያ ከይኰነኑ ድማ ነቲ ምምሕዳር ኣመሪካ ብመገዲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ካብ መቓድሾ ብታሕሳስ 2006 ዘውጽኦን ናብ ኤርትራ ዝሃደመን ሼኽ ሸሪፍ ሼኽ ኣሕመድ፡ ፕረዚደንት ናይ'ቲ ሽዑ ዘቖምዎ መንግስቲ ገበርዎ። ዝኾነ ኾይኑ ኤርትራ በዚ ዚስዕብ ምኽንያታት ንጉባአ ጂቡትን ውሳነታቱን ነጸገት።

1-ኣብ ትሕቲ ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ጒልባብ ንጉባአ ጂቡቲ ዘዳለዉ፡ እቶም ንኣበጋዛት እናሓገዙ ንሶማልያ ዘዕነዉን ናብ ክሊታት (ላንድታት) ዝመቓቐሉን፡ ንህዝቢ ሶማልያ ሓድነቱን ሉኣላውነቱን ዚገሃሱን፡ ምምሕዳር ኣመሪካን መንግስቲ ኢትዮጵያን ስለ ዝኾኑ፡

2-ጉባአ ጂቡቲ ንወራር ኢትዮጵያ ናብ ሶማልያ ብምምንስ፡ ንሶማላውያን ተቓወምቲ ብምኹናኑ፡

3-ኣብ ጒዳይ ሶማልያ ንኹሉ'ቲ ሽግራት ዝፈጠረ ረቛሒታት ገዲፉ ከፊላዊ ፍታሕ ከምጽእ ብምፍታኑ፡

4-ካብ ደገ ንህዝቢ ሶማልያ "መንግስቲ ኣቕመልካ" ብምባል ብኣስገዳድ፡ ሕጋውነት ምልባሱ ምፍታን፡ ንሽግር ሶማልያ ዘጋድድን ዘናውሕን ብምዃኑ፡

ብዛዕባ'ዚ ጒዳይ'ዚ ዝያዳ ሓበሬታ ንዚደሊ ድማ ነቲ ኣብ ሰነ 2009 ፕረዚደንት ኤርትራ ምስ ናይ ሶማልያ ተለቭዥን ሸበለ ዝገበሮ ነዊሕን ዝርዝራውን ቃለ መጠይቕ ምውካስ ይከኣል። [64]

ኣብ መወዳእታ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ጒዳይ ሶማልያ ኣብ ሽዱሽተ ቀንዲ ነጥብታት ብምጽማቕ ኪቐርብ ይከኣል።

1-ጒዳይ ሶማልያ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዚፍታሕ ከም ዘይኮነ፡

2-ኣብ ሶማልያ ዝኾነ ይኹን ወገን ናይ ወጻኢ ኣጀንዳ ከስገድድ ቅቡል ከም ዘይኮነ፡

3-ጒዳይ ሶማልያ ንገለ ብምምራጽ ንገለ ድማ ብምርሓቕ ዚፍታሕ ከም ዘይኮነ፡

4-ጒዳይ ሶማልያ ብሶማላውያን ጥራይ ኪፍታሕ ከም ዚኽእል፡

5-ፍታሕ ሽግር ሶማልያ ኣብ ማእከልን ደቡብን ሶማልያ ጥራይ ዚውሰን ዘይኮነስ ንፑንትላንድን ሶማሊላንድን ከጠቓልል ከም ዚግባእ፡

6-እቶም ቅቡላት ዚበሃሉ ወገናት ወጻኢ ዘበርክትዎ ግደ፡ ንሓይልታት ሶማልያ ሽግራቶም ባዕሎም ንኺፈትሑ ምቹእ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ጥራይ ኪውሰን ከም ዘድሊ፡ እተን ኣብ ሶማልያ ፍሉይ ረብሓ ዘሎወን ሃገራት ድማ ካብኡ ኪርሕቃ ከም ዚግባእ። [65]

**ዓሰርተው ሓደ፦**
**ፕረዚደንት ሶማልያ ናብ ኤርትራ ታሪኻዊ ዑደት ፈጺሙ።**
**ዕብለላ ስርዓት ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ተዳኸመን ኣብዪ ኣሕመድ ዓሊ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኮይኑ ብ2 ሚያዝያ 2018 ምስ ተመርጸን ዝምድና ሶማልያን ኢትዮጵያን ተስፋ ዘሪኡ። እዚ ድማ ኣብ ዝምድና ሶማልያን ኢትዮጵያን ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ኣዎንታዊ ጽልዋ ገይሩ። ፕረዚደንት ሶማልያ መሓመድ ዓብዱላሂ ፈርማጆ ኣብ ኤርትራ ብዝፈጸሞ ታሪኻዊ ዑደት ብግብሪ ተረጋጊጹ። ከም መግለጺ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ህዝብታት ሶማልያን ኤርትራን ዘሎ ታሪኻዊ ዝምድና ድማ፡ ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ድሙቕ ኣቀባብላ ተገይሩሉ። ኣብ መደምደምታ'ዚ ታሪኻዊ ዑደት'ዚ ፕረዚደንት ኤርትራ፡ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቅን ሶማላዊ መዘናኡን ብ30 ሓምለ ንሓርነትን ናጽነትን ሓድነትን ሶማልያ ዚሕግዝ ታሪኻዊ መርገጺ ኤርትራ ዘረጋገጸ ስምምዕ ከቲሞም። ቀጺሉ ትሕዝቶ እቲ ስምምዕ ኪቐርብ'ዩ።**

**ሓባራዊ መግለጺ ኤርትራን ሶማልያን**
**ብዛዕባ ኣጠቓላሊ ናይ ምትሕግጋዝን ሕውነትን ዝምድና**




ካብ'ቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ሶማልያን ዘሎ ዓሚቝ ዕርክነት ብምብጋስ፡ ብመሰረት ምድግጋፍ ህዝብታት ኤርትራን ሶማልያን ንምእንቲ ሓርነት፡ ናጽነትን

ግስጋሰን ዚገብርዎ ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ፡ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ታሪኻዊ ሕውነታዊ ዝምድናን ተመላላኢ ምድግጋፍን ብምምርኳስ፡ መንግስታት ኤርትራን ሶማልያን ኣብ'ዚ ዚስዕብ ነጥብታት ተሰማሚዖም።

1. ሶማልያ ስትራተጅያዊ ቦታን ሰፊሕ ሰብኣውን ባህርያውን ጸጋታት እትውንን ሃገር እያ። ይኹን'ምበር ብሰንኪ ውሽጣዊ ሽግራትን ምትእትታው ወጻእን ዕላማታታ ከየረጋገጸት ተዓንቂፋ ጸኒሓ። ሃገረ ኤርትራ ፖለቲካዊ ናጽነት፡ ሉኣላውነትን ሓድነት መሬትን ሶማልያ ብጽኑዕ ትድግፍ። ሶማልያ ቅኑዕ ቦታኣ ምእንቲ ክትሕዝን ህዝቢ ሶማልያ ቕዱስ ባህግታቱ ምእንቲ ከረጋግጽን፡ ህዝብን መንግስትን ዘካይድዎ ዘሎዉ ጻዕሪ ትንእድ።
2. ሶማልያን ኤርትራን ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ምክልኻልን ጸጥታን ብምትሕግጋዝ ኪሰርሓ ኪጽዕራ እየን።
3. ክልቲአን ሃገራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ከቑማን ኢምባሲታት ኪለዋወጣን እየን። ኣብ መንጎአን ድማ ናይ ንግድን ወፍርን ንጥፈታት ከካይዳን ኣብ ትምህርትን ባህልን ኪለዋወጣን እየን።
4. ክልቲአን ሃገራት ዞባዊ ርግኣትን ሰላምን ንምሕያልን ቁጠባዊ ምምልላእ ንምርግጋጽን ተወሃሂደን ኪሰርሓ እየን።

ብ30 ሓምለ 2018 ኣብ ኣስመራ ተኸቲሙ።

ስለ ሃገረ ኤርትራ
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ስለ ፌደራዊት ሪፓብሊክ
ሶማልያ ፕረዚደንት
መሓመድ ዓብዱላሂ መሓመድ